# Activiteiten Kalender



**ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ንዝካየድ ንጥፈታት ንክትመልእ ዝሕግዝ መምርሒ።**

ደቕኹም እንተ ደኣ ኣብዘን ዝስዕባ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ኮይኖም (**BS de Laweij, CBS In Kring, OBS de Boekhorst of de Duisterhoutschool**): ኣብቲ ድሕሪ ትምህርቲ ዝካየድ ንጥፈታት ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም።

ናይቲ ንጥፈታት ዓውደ ኣዋርሕ ተሰዲድኩም ኣሎ። (Activiteiten kalender)፥ ንሱ ድማ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ከምዝካየድ ኢዩ ዝሕብር።

እቶም ዝካየዱ ንጥፈታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ተጻሒፎም ኣለዉ። ንሳቶም ድማ

(wat) እንታይ ከምዝካየድ ኣብቲ ንጥፈታት ይግለጽ።

(voor wie) ንኣየናይ ጉጅለ(groep) ከም ዝጥዕም ወይ ድማ ከምዝሰማማዕ ይሕብር።

(Organisatie) ነቲ ዝካየድ ንጥፈታት ዝኣልዮ ወይ ድማ ዝመርሖ ስም ሰብ ድዩ ወይስ ስም ትካል።

(Waar) ኣበይ ቦታ ኢዩ እቲ ንጥፈታት ዝካየድ።

ኣድራሻ ድማ ኣብዚ ጥብቆ እዚ ከተእትዎ/ዊ ትኽእሉ ኢኹም። https://www.google.nl/maps

ዋጋ(Kosten) ነቲ ዝካየድ ንጥፈታት ክንደይ ከም ዝከፈል ድማ ይገልጽ።



**ኣመልክት(Aanmelden)**

ንደቅኹም ዝኾኑ ጽቡቓት ንጥፈታት እንተ ደኣ ኮይኖም ረኺብኩሞም? ስለዚ ነዚ መመልከቲ ካርድ(Aanmeldkaart) ብምምላእ ደቅኹም ክተመዝግቡ ትኽእሉ ኢኹም ። እቲ መመልከቲ ካርድ ድማ ብድሕሪት ገጽ ናይ እቲ ዝካየድ ንጥፈታት ዓውደ ኣዋርሕ (Activiteiten kalender) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብቲ ዝምላእ ካርድ ድማ እዞም ዝስዕቡ ኪትመልእዎም ኣለኩም።

- ስምን ስም ኣቦን ናይ ደቅኹም
- ዕለተ ልደት
- ስም ቤት ትምህርቲ
- ጉጅለ(groep)
- ኢመይል ናይ ወለዲ
- ቁጽሪ ተሌፎን ናይ ወለዲ
- ተወሳኺ/ካልኣይ ቁጽሪ ተሌፎን ናይ ወለዲ

ብድሕሪት ገጽ ናይቲ መመልከቲ ካርድ(Aanmeldkaart) ደቅኹም ኣበየናይ ንጥፈታት ክሳተፉ ከምዝደልዩ ክትመርጹ ወይ ድማ ከተጥቁሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ዝመላእኩሞ መመልከቲ ካርድ ድማ ክሳብ 11 ጥቅምቲ ናብ ማናጀር Hans (**voor CBS In de Kring, OBS de Boekhorst & de Duisterhoutschool**) ከምኡ'ውን ናብ ማናጀር Anton (**voor BS de Laweij**) ክተብጽሕዎ ኣለኩም።

ቅድሚ 18 ጥቅምቲ ድማ ደቅኹም ኣበይ ከምዝተመደቡ ወይ ከምዝሳተፉ ዝሕብር ደብዳቤ ክክሰደደኩም ኢዩ። ከምኡ'ውን ክትከፍልዎ ዘለኩም መጠን ገንዘብ ክሕበረኩም ኢዩ። ብከመይ ከም ትኸፍልዎ ድማ ኣብ ታሕቲ ኣብ ክፍሊት(**Betaling**) ዝብል ተመልከቱ።



ክፍሊት(**Betaling**)

እቲ ዝካየድ ንጥፈታት ድማ ብካርድ ኢዩ ዝኽፈል። እቲ ካርድ(Strippenkaart) ድማ ካብ ማናጀር Hans (**voor CBS In de Kring, OBS de Boekhorst & de Duisterhoutschool**) ካብ ማናጀር Anton (**voor BS de Laweij**) ክትገዝእዎ  ትኽእሉ ኢኹም። ብዝሒ ትኸፍልዎ ዋጋ ናይቲ ካርድ (Strippenkaarten) 5 euro ወይ 10  euro ኢዩ። እቲ ማናጀር ድማ ከፊልኩም ምስ ወዳእኩም ኣብቲ ካርድ(Strippenkaarten) ክፍርመልኩም ኢዩ።

እንተደኣ ዘይተጠቐምኩምሉ ዝያዳ ካርድ(strippen) ተሪፍኩም ካልእ ግዜ ኣብዚ ናይዚ ዓመት ወይ ድማ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ወቕቲ ናይ ትምህርቲ ክትጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኩም።

እንተደኣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መጠን ገንዘብ ክትከፍልዎ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም ካብቲ (Stichting Leergeld) ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ  በዚ ኣብዚ ንጽሕፈልኩም ዘለና ቁጽሪ ተሌፎን ገይርኩም ናብ Vincent Pranger – 06-50296520 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም

**Stichting Scala**
**Moskampweg 3-5**
**8431 GB Oosterwolde**
**t 0516 – 567220**
**e info@scala-welzijn.nl**
**i www.scala-welzijn.nl**